ፋሺሽት ክኣቱ እንከሎ ወራሪ ንምምካት ዝነበሮም ወነ ዝገልፅን ንብጾቶም ዘለዓዕልን ብሳሆኛ ዝገጠምዎ፡-

"ማጺባትና ሲንበዳካ፡
ራባን ሃኒህ ጺባ ዊን ታካ፡
ሳዮድ ዓዶ ኢረ ኖክራዓካ፡
ኒባይሳህ ላ ኖክወዳካ፡
ማጺባትና ሲንበዳካ።"

(ትርጉም፡-"ንዋጋእንዶ በይዛኻትኩም ንሃገርና፡
ንነፃነትና እናተዋጋእና እንተሞትና ኢዩ ክብርና፡
ኣብ ኣንሸትና ጸዓዱ ከይደቕሉልና፡
ከብትና ተዘሚተን ኣብ ኢድ ባዕዲ እምባሕ ከይብላና፡
ንዋጋእንዶ በይዛኻትኩም ንሃገርና"።)

ከማኡ'ውን ኣብ ቀረባ ጊዜያት፡ ሕዝብታት ኢትዮጵያ ማኅበራውን ፖለቲካውን ጸቕጥታት ከወግዱ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ኣብ ዘካየድዎም ሕዝባዊ ቃልስታት፡ ሕዝቢ ኢሮብ ዓቢይ እጃሙ ዘበርከተን መሥዋዕቲ ዝፈትዎም ደቁ[51] ዝኸፈለን ይኸፍል ዘሎን ሕዝቢ ኢዩ። ቅድም ክብል ኣብ ዝተጠቐሰ ጽሑፉ ዮውሃንስ ድንኩል ንዙ ሓቂ ከምዙ ዝስዕብ ኣስፈሩዎ ኣሎ፡-

"ኣብ ምብራቕ ትግራይና ናይ ባዕሎም ከባብን ጂኦ-ፖለቲካዊ ኣቀማምጣን፡ ቋንቋ፡ ማሕበራዊ መነባብሮ፡ ባህሊ... ሒዞም ይነብሩ እዞም ሎሚ እነላልየኩም ተጋሩ። እዞም ሕዝብታት እዚኦም ከም ኵሉ ትግራዋይ ጥንታውያን ኣቦታት ኣንፃር መሳፍንትን ባዕዳዊ መግዛእትን ኣብ ዝገበርዎ ሓርበኛዊ ግጥም ታሪኻዊ እጃም ዘለዎም ኣብ ርእሲ ምዃኖም ንፋሽሽት ደርግ ደርቢኻ ሕዝባዊ መንግሥቲ ንምትካል ኣብ ዝተገብረ መሪር ቃልሲ እውን ዝከኣሎም ዘበለ ኹሉ እናወፈዩ፡ ንውድቦም ህወሓት ሓቢሒቦም ዘዐወቱ ዝተዓወቱ ኮታስ ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ሕዝቢ ትግራይ ዝድለ እጃም ዘበርከቱ ጀጋኑ ደቂ ትግራይ፡ ትግራዎት ኢዮም። ከምቱ ካልእ ሎሚ'ውን ኣብ ልምዓት ይረባረቡ ኣለዉ።"[52]

[51] ንኣብነት ካብ ብዙኃት ሓደ ንምጥቃስ፡ ፀረ-ሕዝቢ ዝኾኑ ሥርዓታት ኣፍሪሶም ሕዝባውን ዲሞክራሲያውን ሥርዓት ንምህናፅ ኣብ ዝተኻየዱ ቃልስታት፡ ካብ ዝኸሪ ታሪክ ሃገርናን ክተርፉ ዘይከኣል፡ ናይ "ኢትዮጵያ ኣበርክቶታት ዝተፈላለያ ናይ ፖለቲካ ፓርቲታትን ተረሲዖም ክተርፉ ዘይከኣል፡ ናይ "ኢትዮጵያ ሕዝቢ ኣብዮታዊ ፓርቲ" (ኢሕኣፓ) መራሒ ዝነበሩ ዶክተር ተስፋይ ደበሳይ ኢሮበታይ ኢዮም ዝነበሩ።

[52] መፅሔት ኣሰር ፩ይ ዓመት ቁ.፫/ሰነ-ነሓሰ ፲፱፻፹፰ ዓ.ም.፡ ገጽ ፲፭-፲፯ ኣንብብ።



ብ 4 ግንቦት ናይ 1990 ዓ.ም. መንግሥቲ ኤርትራ ሃንደበት ኣብ ልዕሊ ሰሜናዊ ክሊ ኢትዮጵያ ንዝፈጸሞ ወራር ብዓቢይ ትብዓት እንክምክትን ልዑላውነት ሃገሩ ንምኽባር እንክከላኸልን'ውን እዙ ሕዝቢ ዓቢይ ናይ ሕይወትን ናይ ንብረትን መሥዋዕቲ ከፊሉ ኢዩ። ብዙ ምክንያት'ዙይ ከዓ ኢዩ ኣብ ታሪኩ ሪእይዎ ዘይፈልጥ ብዙኅ ዓይነት ግፍዒ[53] ክበጽሖ ዝኸኣለ። ኣብ ገዛእ ዓዱን ሃገሩን ካብ መረበቱን ታቦቱን ተገዲዱ ክፈናቐል ተገይሩ። ሽማግለታት ካብ ነጽዶም ብጸውራ ክውሰዱን ኣላዪ ኣብ ዘይረኽቡሉ ዓድታት ክድርበዩ፡ ጥኑሳት ኣብ ፈቖዶ መንገድን በዓትን ክሓርሳ፡ ሓራሳት ከዓ ደም ተወዲኡወን ክሞታ እተገብረሉ ዓድን እተገፍዐ ሕዝብን ኢዩ። ሓንፂ-ቤቱ ከብቱ ጤለ-በጊዑ ንህቡ ኦሙ እተወረሮ፡ ካህናት ካብ ቀጽሪ ቤተክርስቲያኖም ተወሲዶም ክእሥሩን ንሓዋርያዊ ሥራሖም ከይንቀሳቐሱ ተኣጊዶም ክሳዕ ኣብ ማእከል መንገዲ እተገረፉሉ ዓዲ ኢዩ። ኣብ እዋን ስደት-ሃይማኖት'ኳ ዘይተገብረ፡ ን155 ዓመታት ማእከል መንፈሳዊ ሕይወቱን መንነቱን ኮይኑ ዝጸንሐ፡ ንዙ ሕብረተሰብ ጥራሕ ዘይኮነስ ብዓቢዩ ንናይ ኢትዮጵያን ኤርትራን ካቶሊካዊ ሕብረተሰብ ናይ እምነቱ ታሪካዊ መሠረትን ኣብ ጊዜ ስደት ሃይማኖት ከዓ መዕቈቢኡን ዝነበረ፡ ናይ ዓሊተና ታሪካዊ ልደታ ማርያም ታቦትን ገዳምን ብወራሪ መንግሥቲ ኤርትራ ተኣሺጉ ካህናትን ደናግልን በስገዳድ ዓዲ ክለቁን ክስደዱን ተገይሩ ኢዩ። እዙ ንልዕሊ ክልተ ዓመት ዝጸንሐ ኩነታት-ወራር ናይ መንግሥቲ ኤርትራ ብደረጃ ውልቅን ስድራን ሕብረተሰብን ኣብ ልዕለኡ ዘውረዶ ኣዚዩ ከቢድ ዝኾነ ማሕበራውን ቁጠባውን ስነልቦናውን መቕሰልቲ ንዙ ሕዝቢ ብቕኑዕ ዝጕድኦ ድኣ ይኹን'ምበር ንመንነት ትግራዋይነቱን ኢትዮጵያውነቱን ብዝበለጸ ዘጽነዐሉን ዘመስከረሉን ተርእዮ ኢዩ። ይኹን እምበር ሻዕቢያ ኣብ መንጎ ሕዝቢ ትግራይን ሕዝቢ ኤርትራን፡ ብዝኸፍአ መልክዑ ከዓ ኣብ መንጎ ሕዝቢ ኢሮብን ኩታ-ገጠም ኣብ ዝኾና ጎረባብቲ ዓዳትን ዘይሕከኽ ነባሪ ጽልኢ ንምትካል ውሑዳን

[53] ናይ'ዙ ሓቂ ምስክርነት ክኾን ዝኽእል፡ ኣብ ሻዕቢያ ን18 ዓመት ዝጸንሐን ኣብ ኵናት ዓይጋ ክልተ ሻዕ ብደረጃ መሪሕነት ዝተሳተፈን ድኃር ግን ንመንግሥቲ ኢትዮጵያ ኢዱ ዝሃበ ሻምበል ዑመር ኢብራሂም ኣሕመድ፡ ብ10.9.1991 ዓ.ም. ኣብ ተለቪዥን ኢትዮጵያ መደብ ቋንቋ ትግርኛ ሕቶን መልስን ኣብ ዝሃቦ ሠፊሕ መግለጺ ካብ ዝተዛረቦ፡ "ኣብ ልዕሊ ክባቢ ዓይጋን ዓሊተናን ዝነብር ሕዝብን ካህናትን ቤተክርስቲያናትን ንብረትን እዙ ሠራዊት (ሻዕቢያ) ዘውረዶ ግፍዕታት ኣብ ምሉእ ሕይወተይ ርእየዮ ዘይፈልጥን ኣዚዩ ዘስካሕክሕን'ዩ ነይሩ"፡ ዝብል ክጥቀስ ይከኣል።